ሚያዝያ 2021

nystateofhealth
The Official Health Plan Marketplace



# ውሑስ ውጥን (ሰክዩር ፕላን) ናይ ኣመሪካ ንዋጋ ሽፈነ መድሕን ጥዕና ለጠቕ የብሎ፤ ማለት ንመብዛሕትኦም ነበርቲ ኒው-ዮርክ

**NY State of Health ብዛዕባ እዚ ሓድሽ ዓይነት ገንዘባዊ ማለት ፋናንሲያዊ ሓገዝ ዝመጾ መረዳእታ ንኽህልወኩም፡ መጠን ልቓሕ ናይ እትኽፍልዎ ግብሪ ንኽተሐድሱ፡ ከምኡ'ውን ውጥን ጥዕና ንኽትዕድጉ ድዩስ ንኽትመርጹ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።**

## ን NY State of Health ተወከሱ፡-

ብመገዲ nystateofhealth.ny.gov ብቐጥታ ብመርበብ ሓበሬታ ተራኸቡ

በዚ ዝስዕብ ቍጽሪ ተሌፎን ናብ ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ደውሉ፡-
1-855-355-5777
(ናይ ጽሙማን መስመር ተሌፎን፡-
1-800-662-1220)

ካብ ተሓጋጋዚ መስርሕ ምዝገባ ሓገዝ ከምእትረኽቡ ግበሩ ኢኹም። ካብ'ዚ ገጽ መርበብ እዚ እውን ሓደ ኣማራጺ ናይ ሓገዝ ርኸቡ፡- infonystateofhealth.ny.gov/findassistor

*ብዛዕባ ውሑስ ውጥን ናይ ኣመሪካ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ'ዚ ገጽ መርበብ እዚ እተዉ፡-*
https://info.nystateofhealth.ny.gov/AmericanRescuePlan

## ብዛዕባ እዚ ሓድሽ ዓይነት ገንዘባዊ ሓገዝ መረዳእታ ምሓዝ

- ውሑስ ውጥን ናይ ኣመሪካ ብዕለት 11 መጋቢት 2021 ተኸቲሙ ብሕጊ ዝጸደቐ እዩ። ነቶም ብመገዲ NY State of Health ኣብ ኣገልግሎት መሕን ጥዕና ዝምዝገቡ ነበርቲ ኒው-ዮርክ ዝኸውን ሓድሽን ግዙፍን ገንዘባዊ ሓገዝ ዘጠቓለለ እዩ።
- እዚ ገንዘባዊ ሓገዝ እዚ ነቶም **ህሉዋትን ሓደስትን ተመዝገብቲ**፡ ማለት ነቶም **ንመጀመርታ እዋን ዝመጹ ልዑል መጠን ኣታዊ ዘለዎም ውልቀ-ሰባት ዝምልከት እዩ።**
- እቶም ክርከቡ ዝኽእሉ ዓበይቲ ልቓሓት ግብሪ **ሕጂ** ክርከቡ ይኽእሉ እዮም፤ ማለት ነቶም ትሑት ወይ መጠነኛ ኣታዊ ዘለዎም ነበርቲ ኒው-ዮርክ ብዝምልከት። ብደረጃ ውልቀ-ሰብ ክረአ እንከሎ፡ ክሳብ $51,040 ንዓመት ዝበጽሕ መጠን ኣታዊ እዩ። ብደረጃ ኣርባዕተ ኣባላት ዘለውወን ስድራ-ቤታት ክረአ እንከሎ፡ ክሳብ $104,800 ንዓመት ዝበጽሕ መጠን ኣታዊ እዩ።
- ካብ **ሰነ** ጀሚርካ፡ እዞም ሓደስቲ ናይ ግብሪ ልቓሓት እዚኣቶም፡ ነቶም ልዕሊ እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ መጠናት ገንዘብ ዝበጽሕ ኣታዊ ንዘለዎም ነበርቲ ኒው-ዮርክ ድሉዋት ክኾኑ እዮም።
- ብዛዕባ እዞም ለውጥታት እዚኣቶም ዝትግበሩሉ እዋን ድዩስ ንስኻትኩም ክትገብርዎ ብዛዕባ ዝግባእ ነገር ንምፍላጥ፡ ካብ NY State of Health ንዝወጹ ምልክታታትን ናይ ኢ-መይል መልእኽትታትን ተመልከቱ።

NY State of Health ኣብ ተግባር ብዝውዕሉ ፌደራላውያን ሕጋጋት ሲቪላዊ መሰላትን ሕጋጋት ኣውራጃን ዝቐየድ ኮይኑ፣ ብዘርኢ፡ ሕብሪ ቆርበት፡ ብሄራዊ መበቆል፡ እምነት/ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ዕድመ፡ ናይ ሓዳር/ቤተ ሰብ ኩነታት፡ ኣካለ ስንክልና፡ ናይ ማእሰርቲ መዝገብ፡ ናይ ገበን ፍርዲ(ታት)፡ ጾታዊ መለለዪ፡ ጾታዊ ኣመለኻኽታ፡ ጽሕፍቶኣውያን ጀነቲካውያን ባህርያታት፡ ኩነታት ውትህድርና፡ ኰነተ-ግዳያዊነት ናይ ዘቤታዊ ጐነጽ ወይ እውን እንተላይ ካብ ኩነታት ሕነ ምፍዳይ ብምብጋስ ናይ ድልዎ ተግባር ዝፍጽም ትካል ኣይኰነን።

nystateofhealth™
The Official Health Plan Marketplace

# ውሑስ ውጥን ናይ ኣመሪካ
# ንዋጋ ናይ ሽፈነ መድሕን ጥዕና ንመብዛሕትኦም ነበርቲ ኒው-ዮርክ ብዝውክል ኣገባብ ለጠቕ የብሎ

### *ድሮ ብመገዲ NY State of Health ኣብ ውጥን እተመዝገብኩም እሞ ገንዘባዊ ሓገዝ እትቕበሉ ሰባት እንተኼንኩም፦*

- ሕጂ ተወሰኺ ገንዘባዊ ሓገዝ ንኽትረኽቡ ተቖባነት ኣለኩም።
- ኣብ ፈለማ ሚያዝያ፡ NY State of Health ንመጠን እዞም ሓደስትን ግዙፋትን ልቓሓት ግብሪ ዝጠቕሱ ደብዳቤታት ክልእከልኩም እዩ። መጠን ልቓሕ ናይ እትኽፍልዎ ግብሪ ንኽተሓድሱ፡ ነቶም ኣብ'ቲ ደብዳቤ እቲ ዝህልዉ መምርሒታት ኣተግብሩ።
- ክሳብ ሰነ ንመጠን ልቓሕ ናይ እትኽፍልዎ ግብሪ ምስዘይተሓድስዎ፡ NY State of Health ብቐጥታ ንውስኸልኩም እዩ። ናብ'ቲ ንዓኹም ዝውክል ሕሳብ ተጠቃሚ ናይ NY State of Health ብምእታው ድዩስ ነቲ ዝውክለኩም ተሓጋጋዚ መስርሕ ምዝገባ ብምውካስ ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 1-855-355-5777 ብምድዋል ምትዕርራያት ክትገብሩ ዕድል ክህልወኩም እዩ።

### *ስለምንታይ ኢኻ ኣብቲ ብ NY State of Health ኣቢሉ ኣብ ዝቐርብ መደብ ጥዕና እትሳተፍ?*

- ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብ *ተቖባልነት ከምዘለኩም* ተሓቢሩኩም እንተጸኒሑ፡ ተወሰኺ ሓገዝ ንምርካብ ተቖባልነት ንኽህልወኩም እውን ተኽእሎ ኣለኩም። ሕጂ ናብ'ቲ ንዓኹም ዝውክል ሕሳብ ተጠቃሚ ናይ NY State of Health ዳግማይ ብምእታው፡ ዓበይቲ ልቓሓት ግብሪ ንምርካብ ተቖባልነት ከምዘለኩምን ከምዘይብልኩምን ኣጻርዩ እሞ ንዓኹም ዝኸውን ውጥን ዓድጉን ምረጹን።
- ቅድሚ ሕጂ ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብ *ተቖባልነት ከምዘይብልኩም* ተሓቢሩኩም እንተጸኒሑ፡ ሕጂ ተቖባልነት ንኽህልወኩም ግን ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ወርሒ ሰነ ናብ'ቲ ንዓኹም ዝውክል ሕሳብ ተጠቃሚ ናይ NY State of Health ዳግማይ ብምእታው፡ ዓበይቲ ልቓሓት ግብሪ ንምርካብ ተቖባልነት ከምዘለኩምን ከምዘይብልኩምን ኣጻርዩ እሞ ንዓኹም ዝኸውን ውጥን ዓድጉን ምረጹን።

### *ኣብ ናይ NY State of Health ውጥን ድሮ ምዝጉባት ኬንኩም ገንዘባዊ ሓገዝ ዘይትረኽቡ ምስእትኾኑ፦*

- ሕጂ ናይ ፕረሚዩም ልቓሓት ግብሪ ንኽትረኽቡ ተቖባልነት ኣለኩም።
- እዞም ሓደስቲ ልቓሓት ግብሪ ካብ ሰነ ኣትሒዝካ ክርከቡ ዝኽእሉ እዮም። NY State of Health መጠን እዞም ሓደስቲ ልቓሓት ግብሪ ዝጠቕሱ ደብዳቤታት ክልእከልኩም እዩ። እቶም ንመስርሕ ምቕራብ መመልከቲ ናይ ልቓሕ ግብሪ ዝምልከቱ መምርሒታት ኣብ https://info.nystateofhealth.ny.gov/AmericanRescuePlan ክርከቡ ዝከኣል እዩ።

### *ብመገዲ NY State of Health ኣብ ውጥን ዘይተመዝገብኩም እሞ ንመስርሕ ምቕራብ መመልከቲ ብፍጹም ዘይጀመርኩሞ ሰባት እንተኼንኩም፦*

- ሕጂ ናብ nystateofhealth.ny.gov ብምእታው ኣበየናይ ሽነኽ ተቖባልነት ከምዘለኩም ርኣዩ። መብዛሕትኦም ሓደስቲ ነበርቲ ኒው-ዮርክ፡ ናይ ውሑድ ወጻኢ መደብ ወይ ምሉእ ሽፈነ ንኽረኽቡ ተቖባልነት ኣለዎም። ትሕዝት ዝበለ ወይ መጠነኛ ኣታዊ (ክሳብ $51,040 ኣብ ዓመት ንውልቀ-ሰብ፤ ክሳብ $104,800 ኣብ ዓመት ዝመጠኑ ድማ ኣርባዕተ ኣባላት ንዘለውወን ስድራ-ቤታት) ዘለኩም ሰባት እንተኼንኩም፡ ሉሚ ዝዓዘዘ (Enhanced) ፋናንሲያዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- ልዕል ዝበለ መጠን ኣታዊ (ልዕሊ $51,040 ኣብ ዓመት ንውልቀ-ሰብ፤ ልዕሊ $104,800 ኣብ ዓመት ዝመጠኑ ድማ ኣርባዕተ ኣባላት ንዘለውወን ስድራ-ቤታት) ዘለኩም ሰባት እንተኼንኩም፡ ካብ ወርሒ ሰነ ጀሚርኩም ነዞም ሓገዛት እዚኣቶም ካብ NY State of Health ክትረኽብዎም ክትክእሉ ኢኹም።